## መስከረም ሓደ 1961 ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ሕዝቢ ኤርትራ

ብዓብዩ ነጻነት ኤርትራ መጺኡ ሰለዘሎ መረኣያኡ ከኣ ዓመት መጸኤ 24 ግንቦት ዝበዓል ዓብይ ጽምብል ነቲ ቀዲሙ ብዓብይ ጽምብል ዝዝከር ዝነበረ መስከረም ሓደ 1961 ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ሕዝቢ ኤርትራ ክዕብልሎ ቅቡል ኢዩ። ዘይከምቲ ብግዜ ብረታዊ ቃልሲ ሕዝቢ ኤርትራ ጽምብል መስከረም ሓደ 1961 ኣብዚ ግዜ'ዚ ብእንትርፎ ብዉሕድ ዝበሉ ግዱሳት ውልቀሰባት ብገሊኡ ኤርትራዊ ኣይዝከርን ዘሎ። እዚ ጽሑፍ'ዚ ኣገዳስነት ምዝካር ምጅማር ብረትዊ ቃልሲ ሕዝቢ ኤርትራ ኽትንትን ኢዩ።

ከምዝፍለጥ ጀግና ሓምድ ኢድሪስ ዓዋተ ብረታዊ ቃልሲ ሕዝቢ ኤርትራ ኽጅምር ከሎ ኣገዳስነት ብረታዊ ቃልሲ ኤርትራ ኣቐዲሙ ስለዝተረድኦ ኢዩ። ከምኡ ኸኣ ሓደ ሓደ  ተቓለስቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ንሓምድ ኢድሪስ ዓዋተ ብረታዊ ቃልሲ ሕዝቢ ኤርትራ ኽጅምር ከተባብዕዎ ከለዉ ኣገድስነቱ ኣቐዲሞም ስለዝተገንዘቡ ኢዩ። ብሓፈሻኡ ከኣ ሕዝቢ ኤርትራ ነቲ ብረታዊ ቃልሲ ክስዕቦ ኸሎ ኣገዳስነቱ ብግዚኡ ስለዝተገንዘበ ኢዩ። ኣብዚ ክልዓል ዝግባእ ሕቶ ንምንታይ ብረታዊ ቃልሲ? ንምንታይ ካልእ ኣማራጺ ዝይተደልየ? ዝብል ክኸውን ይኽእል። ልክዕ ኢዩ ካብ ብረታዊ ቃልሲ ብሽሕ ግዜ ዝምረጽ ሰላማዊ ቃልሲ ኢዩ ኔሩ። ከመይሲ ብረታዊ ቃልሲ ዝስዕቦ ህልቂት ውልቀሰባትን ዕንወት ንብረትን ርዱእ ስለዝኾነ። እምብኣር ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ተመራጺ ኮይኑ ዘይኮነስ ኩሉ ንሰላማዊ መንገዲ ዝግበር ቃልሲ ኣብ ዕጹው መንገዲ ምስበጽሔ ኢዩ። እዚ ክብሃል ከሎ ግን ኩሉ ብረታዊ ቃልሲ ኣገዳስን ርታዕውን ኢዩ ማለት ኣይኮነን። ብረታዊ ቃልሲ ፍትሓዊን ሓቀኛን ምስዝኸውን ጥራሕ ኢዩ ምኹኑይ ዝኸዉን። ካብዚ ቀጽልና ፍትሓዊነትን ሓቀኛነትን ብረታዊ ቃልሲ ሕዝቢ ኤርትራ ክንሪኢ ኢና።

ብረታዊ ቃልሲ ሕዝቢ ኤርትራ ብ1961 ዝተጀመረ ብኸመይ ፍትሓዊ ይኸዉን? ብኸመይከ ሓቀኛ ኔሩ? ኤርትራ ከምኩለን ሃገራት ኣፍርቃ ሓንቲ ኣሃዱ ብመግዛኣታዊ ምዕራባዊያን ዝተመስረተት ሃገር ኢያ። ኣብ ኣፍርቃ በጀካ ኢትዮጵያን ሊበሪያን ኩለን ብመግዛእታዊ ውዑላት ኢየን ተመስሪተን። ቅድሚ ኢትዮጵያ ጎቢጣ ንኤርትራ ምጥቕላላ ኤርትራ ብዝተፈላለዩ መግዛእታዊ ሓይልታት ትግዛእ ከምዝነበረት ዘረባ ዘድልዮ ኣይኮነን። እምብኣር ኩለን ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ዝነበራ ሃገራት ኣፍርቃ ሓራ ይኹና ክብሃል ከሎ እንኮላይ ንኤርትራ ኢዩ ዝጠቓልል። እዚ ስለዝኾነ ኤርትራ ነጻነት ኽትጠልብ ፍትሓዊ ኢዩ ኔሩ። በሰላማዊ መንገዲ ተመራጺ ኡኳ እንተነበረ ካብዘይተኻእለ ግን ፍታሕውነት ቃልሲ ሕዝቢ ኤርትራ ዝተረጋገጸ እቲ ጠለብ ፍትሓዊ ስለዝነበረ ኢዩ። ኣምብኣር ዝኾነ ብረታዊ ቃልሲ ፍትሓዊ ኢዩ እልካ ኽሙገት ኣይከኣልን ኢዩ። ብረታዊ ቃልሲ ፍትሓዊ ዝገብሮ እቲ ጠለብ ፍትሓዊ ምስዝኸዉን ኢዩ። በረታዊ ቃልሲ ሕዝቢ ኤርትራኸ ሓቅነትዶ ኔርዎ? ሓቅነት ብረታዊ ቃልሲ ሕዝቢ ኤርትራ ዝተረጋገጸ ዘሕለፎ ግዜያት ኣብ ኣገባቡን ኣክያይድኡን ኢዩ ዝስረት። ኣገባብ ብረታዊ ቃልሲ ሕዝቢ ኤርትራ ብመን ሕራይ ንመስዋእቲ ኢዩ ኔሩ። እዚ ኣግባብ'ዚ ነቲ ቓልሲ ኾልዕዎ ንሓቀኛነት ብረታዊ ቃልሲ ሕዝቢ ኤርትራ ከኣ ግርማ ኣልብስዎ ኢዩ። ኣካይዳ ብረታዊ ቓልሲ ሕዝቢ ኤርትራ ካብ መጀምርታኡ ክሳብ መወዳእትኡ ኣብ ተስፋን ጽኑዕ እምንቶ ኣብ ዓወቱን እንዳኣቃለሐ ኢዩ ዝኸይድ ኔሩ። ጀግና ሓምድ ኢድሪስ ዓዋተ ብረታዊ ቃልሲ ሕዝቢ ኤርትራ ኽጅምር ከሎ ዝበሎ ምዝካር ጥራሕ እኹል ኢዩ። ዓዋተ ከምዝበሎ "አዚኣ ንጣር ቁልዒ ሓዊ ሕጂ ሒደት ንስሕና ኣሎና ምስ ግዜ ምኻዱ ግን ዝበዝሕ ሕዝቢ ኤርትራ ክስሕና ኢዩ" ኢሉ ኔሩ። ነዚ ንምርጓድ ሕዝባዊ ግንባር ጭርሕኡ "ዓወትና ናይ ግድን ኢዩ" ይብል ነበረ። ሕዝቢ ኤርትራ'ውን በትሪ ሓቅስ ትቐጥን እምበር ኣይትስበርን ይብል ኔሩ። ብረታዊ ቃልሲ ሕዝቢ ኤርትራ ሓቀኛ ኢዩ ኔሩ።

ሽሕ ኡኳ እቲ ነጻነት ጋህዲ ኮይኑ ብረታዊ ቃልሲ ሕዝቢ ኤርትራ ኣብቂዑ ኢዩ እንተተባህለ እቲ ዝኽሪ ግን ፍጹም ክርሳዕን ክሃስስን ኣይኽእልን ኢይ። ከመይሲ ዝጠለቦ ህይወት ውልቀሰባትን ኤርትራ

ዝሕለፈቶ መስገደልን ቀልል ስለዘይነበረ። ኤርትራ እዚ ሕጂ ኣረጋግጸቶ ዘላ ሰላምን ቅሳነትን፣ ተርእዮ ዘላ ግስጋሰ ንምዕባለ ከምእ'ዉን ኣረጋግጸቶ ዘላ ውሕስነት መግቢ ሰረቱ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ግዜ ዝተጠረየ ተሞክሮ ኢዩ። ሕጂ ኤርትራዊያን ምስቲኤን ዓመት መጸ እኽሊ ርድኡና ዝብላ ሃገራት ዘይምስላፍና ሓብንን ኩርዓትን ኢዩ ዝስምዓና ዘሎ። ልክዕ ኢዩ ድኽነት ኣሎ። ጥሜት ግን ድሓን ኩኒ እልናያ ኢና። ድኽነት'ውን እንተኾነ መዓልታ ሓልያ ድሓን ኩኒ ኽንብላ ኢና። ነዚ ኣብ ግምት ብምእታዊ ኢና ኸኣ ነቲ ነዚ ሕጂ ነሰላስሎ ዘሎና ቃልሲ ኣንጻር ድኽነትን ሕማምን መሰረት ዘንጸፈልና ብረታዊ ቃልስና ዓመት መጸ ንዝክር።

ኣብ ኦስሎ ኖርወይ ዝርከቡ ኤርትራዊያን ሃገራዊ ጉዳያት ብስሩዕ መደባትን ብህጹጽ ጻዊዒትን የሰላስሉ እዮም። እቲ ዝዓበየ በዓል ነጻነት ኮይኑ ብዓቢ ኽብርን ዕዙዙ ተሳትፎን ኢዩ ዝጽምበል። ኣስዒቡ መዓልቲ ስዉኣት ይዝከር። ካብ ህጹፅ ጻዊዕታት ከኣ ሰላማዊ ሰልፍታት ንኤርትራ ዝድግፍን ንተጻባእቲ ኤርትራ ዝቃወምን ይካየድ ኢዩ። ከም ስሩዕ መደብ ንዝኽሪ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ኤርትራ'ዊን በዓል ይካየድ ኢዩ። ኮይኑ ግን ብብዝሒ ተሳተፊቲ ንምዕዳም ዝግበር ጎስጓስ ድኽም ዝበለ ይኸዉን። እቲ ምኽንያት ርዱእ ኣይኮነን። ኣብዚ ዝሓለፈ ሒደት ዓመታት ጽምብል ዝኽሪ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ኤርትራ ኣብ ኦስሎ ኣዕጋቢ ኮይኑ ኣይረኸብክዎን። ከም መረዳእታይ እቲ ጎስጓስን ምውዕዋዕን ድኽም ስለዝበል ይመስለኒ።

እምብኣር ምዝካር ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ኤርትራ ኣገዳስነቱ ንዝንግዕ ኣሎና ኮይና እቲ ቐንዲን ዓብይን ታሪኽ ሕዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ብረታዊ ቃልሲ ኣገዳስነቱ ኣብ ታሪኽና እንዳዘንጋዕና ከይንመጽእ ኣዚዩ ኣተሓሳሳቢ ክኸዉን ኢዩ። ብረታዊ ቃልሲ ሕዝቢ ኤርትራ ፍሉይ ታሪኽ ዘለዎ ስዉራ ኢዩ። መዳርግቲ ዘይብሉን ንቲ ታሪኽ መተካእታ ዝኸዉን ዘይርከቦ ዓብይ ፍጻሜ ከም ምዃኑ መጠን ንዝኽሩ ዓቢ ግምት ሂብና ኽንሸባሸብ ይግባእ። ዝምልከቶም ኣካላት ብፍላይ ኮሚቴ ክተትን ኣዳለዉቲ በዓላት ብኣጋኡ ምልክታ ከውጽኡን እቲ ዘሎ መደባት ብንጹር ተጻሒፉ ኣብ መዓከናት መርበብ ሓበሬታት ኽቃላሕ እጽዉዕ።

ተጻሒፈ

ብተስፋሚካኤል ዮሃንስ

ኦስሎ 17/08/2011